ወቕሮ ቅድስት ማርያም ኮለጅ ንልምዓት ፕሮግራም ዝውዕል ናይ ብሶላር ዝሰርሕ ማይ ኳዕቲ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 29, 2018 ( ቅድሚ 4 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 8, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:60000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 8, 2018 9:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ወቕሮ ቅድስት ማርያም ኮለጅ ንልምዓት ፕሮግራም ዝውዕል ናይ ብሶላር ዝሰርሕ ማይ ኳዕቲ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

በዚ መሰረት ዝምልከቶም መቕረብቲ በዚ ዝስዕብ ናይ ጨረታ ረቋሓታት መሰረት ክወዳደሩ ንዕድም።

1. ናይ ቫት ተመዝገብቲ ምኳኖም መረዳእታ ዘቕረቡን ናይ ወርሒ ሕሳስ 2018 ዓ/ም ናይ ቫት ዲክላራሴን ዝገበርሉ መረዳእታናን ዘቕርቡ፣

2. ናይ 2018 ዓ/ም ንግድን ሞያን ፍቃድን ዘሓደሱ ምኳኖም መረዳእታ ዘቕርቡ፣

3. ናይ 2018 ዓ/ም ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ዘሓደሱ ምኳኖም መረዳእታ ዘቕርቡ፣

4. ናይ ብቕዓት መረጋገፂ ምስክር ወረቀት ረዳእታ ዘቕርቡ ፣

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድ ቦንድ ብባንክ ዝተረጋገፀ ሰርተፊኬት CPO 60000 / ስልሳ ሺሕ/ ዘቕርቡ፣

6. ብቢሮ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ መለለይ ካርዲ/ቲን/ዝተመዝገቡ ምኳኖም መረዳእታ ዘቕረቡን ኣብ መቕረባይ ዝርዝር ዝተመዝገበ ምኳኖም ምስክር ወረቐት ዘቕርቡ፣

7. ናይ ጨረታ ሰነድ ንሕድ ሕድ ዘይመለስ ብር 300 ከፊሎም እዚ ምልከታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 29/05/2018 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 07/06/2018 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ናይ ድ/ሰዓት አብዘሎ ናይ ስራሕ ስዓት ዓዲጎም ነፀላን ጠቕላላ ዋጋን መሊኦም ክቢ ማህተም፣ ፊርማን ሽም ድርጅትን ዓሪፍዎ ብሽምዒያ ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቕ ኣታዊ ይገበሩ፣

8. ጨረታ ምስተኸፈተ ተጫረቲ ኣብ ዘቕረብዎ ናይ መወዳደሪ ሓሳብ ለዉጢ ወይ ምምሕያሽ ምግባርን ካብ ጨረታ ነብሶም ምግላልን አይኽእሉን፣

9. ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት 07/06/2018 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ድ/ሰዓት ተዓሽጉ 9:30 ዝኽፈት ኮይኑ ተወዳዳርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም እንተሃለዩ ይምረፅ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ዝተቐመጠ ነጥብታት ግልፂ እንተዘይኮይነሎም መብርሂ ወይ መማሓየሺ ሕቶ ከቕርብ ዝኽእል ጨረታ ዝኸፈተሉ እዋን ቅድሚ ምብፅሑ ይኸዉን፣

11. ጨረታ ተዓዋቲ ዝኾነ ኣብ ዉሽጢ 5* ናይ ስራሕ መልዓልቲ ቐሪቡ ዉዕሊ ይአስር፣ እንተዘይኣሲሩ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዞ ገንዘብ ናብ ትካልና ኣታዊ ይኸዉን፣

12. እቲ ትካል ጨረታ ምስተኸፈተ ከምአድላይነቱ ናይቲ ዝግዛእ ኣቁሑት መጠን ክሳብ 25% ክቅንስን ይኽእል፣

13. ዝሸነፍዎ ንብረት መቕረብቲ ብናይ ባዕሎም ናይ ትራንስፖርት ወፃኢ ናብ ትካልና ኣታዊ ይገብሩ፣

14. እቲ ትካል እዚ ጨረታ ዘየዋፅእ ተኾይኑ ብኽፊል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰል አለዎ፣

15. ኣብ ልዕሊ ተጫረቲ ተደሪብካ ምእታዉ አይካኣልን፣

16. ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን፣

17. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብልኪ ቑፅሪ 0914783327/0919040469 ደዊሎም ክረኽቡና ይኽእሉ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle